# ደብረ ታቦር(ማቴ17፡ ማር9፡ ንመልከት)

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን!! ማቴ 17፡1-8
1-ጎያታ ኢየሱስ ድሕሪ ሽዱሽተ መዓልቲ ን ጴጥሮስን ንያቆብን ንዮሃንስ ሓዉን
ወሲዱ ነበይኖም ናብ ነዊሕ እምባ (ደብረ ታቦር) ኣደየቦም።2- ኣብ ቅድሚኦም ድማ
ትርኢቱ ተለወጠ፡ ገጹ ከም ጽሓይ በርሀ፡ ክዳኑውን ከም ብርሃን ጻዕደወ፡ 3- እንሆ ኸኣ
ሙሴን ኤልያስን ምስኡ ክዘራረቡ ተራእይዎም።4- ጴጥሮስ ክኣ ንኢየሱስ ጎይታይ
ንኣና ኣብዚ ምንባር ንኣና ጽቡቕ እዩ፡ፍቓድካ እንተድኣ ኾይኑስ ኣብዚ ሰለስተ ዳስ
ክንሰርሕ፡ ሓደ ንዓኻ፡ ሓደ ንሙሴ ሓደውን ንኤልያስ በሎ። 5- ገና ጴጥሮስ እናተዛረበ
እንከሎ ብሩህ ደበና ኣንጸላለዎም፡ እንሆ ድማ ካብቲ ደመና ዘፍቅሮ ብእኡ ዝተሓጎስኩ
ወደይ እዚ እዩ ንዕኡ ስምዕዎ ዚብል ድምጺ ተሰምዐ። 6-ደቂ መዛሙርቱ እዚ ሰሚዖም
ብግምባሮም ተደፍኡ፡ኣዝዮም ድማ ፈርሁ። 7-ኢየሱስ ቅርብ ኢሉ ተንከዮም እሞ
ተንስኡ ኣይትፍርሁውን በሎም። 8- ኣዕይንቶም ንላዕሊ ቌላሕ እንተ ኣበሉ ብዘይካ
ኢየሱስ በይኑ ሓደ እኳ ኣይርኣዩን።

ኣብ ደብረ ታቦር ካብ ዝተገብሩ ተኣምራት ብዙሕ ኣገዳሲ ነገራት መልሲ ንረኽበሉ ኢና። ጽሑፍ ክጀምር እንከሎ ድሕሪ ሽዱሽተ መዓልቲ ይብል፡ ካበይ ጀሚሩ'ዩ ድሕሪ ሽዱሽተ ዝብል፧ ንምንታይ ን ጴጥሮስን ክልቲኦም ኣሕዋትን ንበይኖም ወሲድዎም፧ እቶም ዝተረፉኽ እቲ በረኸት ይካፈልዎ ዲዮም፧ እቶም ክልተ ዝተራኸብዎ ሙሴን ኤልያስን ምኳኖም ብኸመይ ይፍለጡ፧

ድሕሪ ሽዱሽተ መዓልቲ ክብል እንከሎ ድሕሪ ኣብ ቂሳርያ ሰባት መን ይብሉኒ ኢሉ ምስ ሓተቶም ገሊኦም ዮሃንስ መጥመቕ ገሊኦም ኤልያስ ገሊኦም ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ነብያት ተንሲኡ ይብሉኻ በልዎ፡ ጎይታ ኸኣ ንስኹምከ መንዩ ትብሉኒ በሎም፡ ኩሉ ሰባት ዝብልዎ ልክዕ ኣይነበረን፡ እታ ሓቀኛ መልሲ መን ምዃኑ ንኸፍልጦም ንደብረታቦር ምስወሰዶም ንሙሴን ኤልያስን ጸውዖም፡ ሙሴ ኸኣ ከመይ ኢሎም'ዮም ሙሴ ዝብሉኻ ናይ ሙሴ ኣምላኽ ይበሉኻ እምበር፡ ሙሴስ ኣነ'የ ክብሎ ተሰምዐ። ኤልያስ ክኣ ከምኡ በሎ። ኤልያስን ሙሴን ምኻኖም ክኣ ብትርኢቶምን ዘረብኦምን ፈለጥዎም።ንሕናኸ መንዩ ንብሎ፧ ብሓቂ ከምቲ ዝግብኦ ጌርና ንፈልጦ ዲና፧ ጎይታናን መድሓኒናን ኩሉ ዝገብሮ ትምህርቲ'ዩ፡ ከነስተውዕል እንተ ኸኢልና ኸኣ ግልጺ ነገር'ዩ ኣዳሊዩልና ዘሎ ዘስተውዕል ልቢ ይሃበና። ጎይታናን መድሓኒናን ወድሰብ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ክወደወቕ'ዩ ክወቕዕዎ፡ ከላግጽሉ፡ጡፍውን ክብልሉ ኢዮም ክመውት ኣብ ሳልስቲውን ክትንስእ'ዩ ምስበሎም ሃዋርያ ጴጥሮስ እዝስ ኣይውረድካ'ባ በሎ። ከምኡውን ዮሃንስን ያእቆብ ሓዉን ምስ ኣዲኦም ኮይኖም ኣብ መንግስቱ ሓዲኦም ብየማኑ ሓዲኦም ክኣ ብጸጋሙ ከቑሞም ለሚነሞ ነበሩ'ሞ ብየማነይን ጸጋመይን ምቕማጥሲ ነቶም ኣቦይ ዘዳለወሎም'ዩ ኢልዎም ነበረ። ካብቲ ብሩህ ደመና ዘፍቅሮ ብእኡ ዝተሓጎስኩ ወደይ እዚ እዩ ንዕኡ ስምዕዎ ዝብል ድምጺ ሰምዑ፡ ሃዋርያት እዚ ቃል ምስ ሰምዑ ሰምቢዶም ወደቑ ዮሃንስ መጥመቕ ግን ጎይታና ብኢድ ዮሃንስ ኣብ ዝተጠመቐሉ ዮሃንስ ካብ ሰማይ ብዝሰምዖ ድምጺ ኣይወደቐን እዚ ኸኣ ዮሃንስ ፍጹም ከምዝነበረ ሃዋርያት ግን ገና ፍጹማን ኣይነበሩን፡ ንኣብነት ሃዋርያ ጴጥሮስ ድሕሪ'ዚ'ዩ ደርሆ ክሳብ ዝንቁ ሰለስተ ግዜ ክትክሕደኒ ኢኻ ዝተብሃለ። ይቕጽል